# ራእይ ዮሃንስ

## 2፡ 1 - 17

<u>ኣርእስቲ፡</u>

ትእምርቲ ናይ መልኣኽን ማሕበርን ምእመናንን ኤፌሶን፣ ናይቲ ኣብ ማእከሎም ዘሎ "ወዲ ሰብ ዚመስል" ድማ

<u>መልእኽቲ፡</u>

ኢፌሶን ቐንዴሎም ንእዋኑ በሪሁ፡ ኤፌሶን ቐንዴሎም ንሓዋሩ ለጊሱ። ስለምንታይከ ክልቲኡ?

### <u>መዋእል ትእምርቲ</u>

መዋእል ቤተ-ክርስትያን ካብ መጀመርታ ክሳዕ 100 ድልክ ኣቢሉ

ምዕራፍ ክልተን ሰለስተን ናይ ራእይ ዮሃንስ ትእምርቲ ናይ ማሕበራት ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣት ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ። 2፡1-7 ከኣ ቀዳማይ ትእምርቲ ናይቲ ክሳዕ 100 ድልክ ኣቢሉ ዓዚዙ ዝነበረ ዘበን ስእሊ ማሕበር ይህበና። ኣብኡ ተደሪቱ ግና ኣይተርፍን። ኣቐዲምና እቲ ጽሑፍ እንታይ ይብለና ከም ዘሎን እንታይ ማለቱ ምዃኑን ክንዕዘቦ ኢና። ብድሕርዚ ኣብቲ ትንቢታዊ ትርጉሙ ክንኣቱ ኢና። ነዚ ብክልተ ኣገባባት ክንዓሞ ኢና።

### 1. <u>መልእኽቲ ናይ ራእይ ንመን እዩ? (2፡1-7)</u>

እቲ መልእኽቲ ንኣርባዕተ ጒጅለ እዩ።

<u>1.1. ንኣገልገልቲ እዩ። 2፡1ሀ</u>

ቀዳማይ ነቲ "መልኣኽ ማሕበር ኤፌሶን" ተሰምዩ ዘሎ ኣገልጋሊ፡ ፓስቶር … እዩ። እዚ ምድራዊ ሰብ ድኣ እምበር ሰማያዊ መልኣኽ ከም በዓል ሚኪኤል፡ ገብርኤል ከም ዘይኮነ ካብቲ ደብዳበ ከነስተብህሎ ንኽእል ኢና። ኣብ ከተማ ኤፌሶን ዝቕመጥ፡ ከም መራሒ ምእመናን ዝጥየቐሉ ዓቢ ሓላፍነት ዝነበሮ፡ ምስ ሰባት ዝዋሳእ፡ ብእኡ ምኽንያት ድማ ዝንኣድን ዝንቀፍን፡ መጠንቀቕታታት ዝውሃቦን ኣካል እዩ። ትእምርቲ ድማ እዩ፡ ማለት ኣሰሩ እንኽተሎ ኣርኣያ ብገሊኡ፡ መለበሚ ድማ ዝኾነና ብገሊኡ።

ስለምንታይ ድኣ ነዚ ኣባል ማሕበር ኤፌሶን ዝኾነ ኣገልጋሊ ሰብሲ "መልኣኽ ማሕበር ኤፌሶን" ኢሉ ዝጸውዖ? መልኣኽ ዚብል ቃል፡ ልኡኽ ኣምላኽ፡ ካህን፡ ፓስቶር፡ መራሕ ቤተ-ክርስትያን ድማ የመልክት። ነቶም ኣመንቲ ቃል ኣምላኽ ዝምህርዎም፡ ዝጥርንፍዎም ከም ማሕበር ክርስቶስ፡ ቃል ኣምላኽ፡ መላእኽቲ ኢሉ ይሰምዮም እዩ። ሃጌ 2፡13 ሚልክያስ 2፡7 3፡1 ንመልከት።

ብተወሳኺ ከም ኣብ ጸልማት ዘብርሁ ኣብ ኢዱ ዘለዉ ኽዋኽብቲ ገይሩ ይምስሎም። ከም ልኡኻቱ ተልእኾኦም ንሱ እዩ። እዮብ 36፡7 ዳን 12፡3።

ስለዚ መላእኽቲ፡ ከዋኽብቲ ኢሉ ኪሰምዮም ከሎ ክቡርን ከቢድን ሓላፍነት ሕድሪ ዘለዎም ኣገልገልቱ ምዃኖ ንገንዘቦ። ሰበ-ስልጣን ምድሪ ኣይኮኑን። ሰባት፡ ኣገልገልቲ ወንጌሉ፡ መላእኽቱ፡ ኮኾባቱ እዮም።

1.2. ንማሕበራት እዩ ተጻሒፉ።

2፡7 ከም ዝሕብሮ፡ ራእይ ዮሃንስ ነቶም ኣብ ኤፌሶንን ኣብ ካልኦት ከተማታትን ንመጀመርያ ኣሚኖም ማሕበር ዝኾኑ ድማ እዩ ተጻሒፉ። ወንጌል ንመጀመርታ ከመይ ገይሩ ኣብ ከተማ ኢፌሶን ከም ዝኣተወን ከም እተመስረተን ዘስፋሕፍሐን ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 18፡18-28 19፡1-41 ተዘንትዩ ንረኽቦ። መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ማሕበር ኢፌሶን ድማ ኣሎና። ራእይ ዮሃንስ ብ 92 ድልክ ኣቢሉ ክጽሓፍ ከሎ፡ ወንጌል ኣብ ኢፌሶን ተሰሪቱ፡ ዳርጋ ንኣርብዓ ዓመታት ኣቢሉ ይሰስን ነይሩ። ሃዋርያታት ጳውሎስን ዮሃንስን ወንጌላውያን ጢሞቴዎስን ካልኦትን የገልግልዎም ነይሮም። ታሪኽ ማሕበር ኤፌሶን ትእምርትን ትንቢት ድማ እዩ።

እዞም ማሕበር፣ ክርስቶስ ናተይ ዝብሎም፡ ብደሙ እተበጀዎም ህዝቡ፡ ኣብ ቤት ኣመንቲ ከም ኣብ ቤት ኒምፋስ (ቈሎሴ 4፡15)፡ ኣብ ቤት ጵሪሲላን ኣኪላስን (1ይ ቈረ 16፡19) ዝእከቡ ማሕበር፡ ኣብ እተፈላለየ ከተማታት፡ እተጠርነፉ፡ ከም መርዓት ዓይኒ ዘኽብሮም፡ ከም ዝበርህ ቀዋሚ ቐንዴል ወርቂ ዝብሎም እዮም።

በዚ ዘበንና ነቲ ማሕበር ኣምላኽ፡ ትእምርቲ ናይ ህልውናኡ ዝኾነ ንጥንጥኖ ምህላውና ወይለና!

1.3. ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ድማ እዩ ተላኢኹ።

1፡7 ከም ዝሕብሮ መልእኽቲ ራእይ ዮሃንስ ንኣገልገልትን ንማሕበራትን ጥራይ ዘይኮነስ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ ንነፍ ስወከፍ ሰብ ድማ ዝምልከት መልእኽቲ እዩ። 1፡7 ይብለና "እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።"

ስለዚ እቲ መልእኽቲ፡ እቲ ናእዳኡ፡ እቲ ማዕዳኡ፡ እቲ መጠንቀቕታኡ፡ እቲ ተስፋታቱ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ ብድሕሪኡ ድማ ንኹሉ ዝሰምዕ ዘበለ እዩ። ተነጊርዎም ከሎ ፈትዮም ጸማማት ዝኾኑ ወይልኦም!!

## 2. እቲ መልእኽቲ ካብ መን እዩ? (2፡1)

እቲ መልእኽቲ ካብ እቲ "ኣብ የማናይ ኢዱ ሾብዓተ ከዋኽብቲ ዝሓዘ፡ ኣብ ማእከል እተን ሾብዓተ ቐወምቲ ቐንዴል ወርቂውን ዚመላለስ" የሱስ ክርስቶስ እዩ። ከነቕልበሉ ተሓቢሩልና ዘሎ መንነቱ ነተኰረሉ። ኣገልገልቲ ኰነ፡ እቶም ማሕበር እቲ ምስ የሱስ ክርስቶስ ክህልዎም ዘለዎ ርክብ ዚሕንጽጸልና እዩ።

ነፍስ ወከፍ ኣገልጋሊ ማሕበር ብመልኣኽ ማሕበር ኤፌሶን ተመሲሉ ዘሎ መራሒ፡ ካህን፡ ፓስቶር ናይ እቶም ኣብ ከተማ ኤፌሶን ዝነበሩ ኣመንቲ፡ ከም ኣብ ጸልማት ዘብርህ ኮኾብ እዩ። ብርሃን ካብ የሱስ ክርስቶስ ተቐቢሉ ኣገልግሎቱ ዘማልእ፡ ወትሩ ኣብ ኢድ ክርስቶስ ምስ ዝህሉ ጥራይ እዩ - ሚእቲ ካብ ሚእቲ ብምምራሕ እቲ መልእኽቲ ንኣገልገልትን ንማሕበራትን ንምእመናን ንዝሰምዕ ዘበለን ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣገልግሎቱ ዚፍጽም። ዮሃ 15፡4-8።

ኩሎም ኣመንቲ ድማ ከም እቲ መራሒ ኣብ ኢዱ ኰይኖም ዝበርሁ ከዋኽብቲ እዮም። ቦታ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ማሕበር ድማ ንሱ እቲ ማእከል ምስ ዝኸውን፡ እቲ ማሕበር ግቡእ ትርጉሙ ኣማሊኡ ይርከብ። ማለት ከም እቲ ዝበርህን ቀዋምን ቐንዴል ወርቅን ይኸውን።

ግናኸ፡ ብኣንጻሩ፡ ኣብ ክንዲ ዝበርህ ዝተኸኽ፡ ኣብ ክንዲ ዝቐውም ግምብው ዝብል፡ ኣብ ክንዲ ወርቂ ካልእ ዓይነት ብረት፡ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ሓንጎፋይ ተባሂሉ ኣብ ማእከሎም ዝመላለስ፡ ሓቢሮም ዘባረርዎ ማሕበር ምኳን፡ ዕላማ ማሕበር ክርስቶስ ምስሓት፡ መርገም ምምጻእ እዩ። ራእይ 3፡20።

## 3. ናእዳኡ ንመልእኽ ማሕበር ኢፌሶንን ነቲ ማሕበርን (2፡2-3)

የሱስ ክርስቶስ ነቲ ኣገልጋሊ (ካህን፡ ፓስቶር …) ነቶም ማሕበር፡ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ ሓንቲ እኳ ከየጕደለ እዩ ዝፈልጦም። ስለ ዝፈለጦም ድማ "እፈልጦ ኣሎኹ" እናበለ ዘተሓላለፈሎም ትሽዓተ ናእዳታት ኣቐዲምና ንመልከት።

3.1. ግብርኻ እፈልጦ ኣሎኹ። ስራሕካ።

እዝን እትን ዝብሃል እትገብሮ መንፈሳዊ ስራሓት ምስ ዝጽብጸብ ክምስገን ዝግባእ ናይ ኣሳልጦ ጸብጻባት ኣሎካ። ትጉህ ኢኻ። ምእመናን ድማ ትጉሃት ኢኹም። ቀጽልዎ ይብሎም።

3.2. ጻዕርኻ እፈልጦ ኣሎኹ። እቲ ዘሳለጥካዮ ብቐሊል ኣይመጸን ብጻዕሪ፡ ብመስዋእቲ ናይ ጊዜን ገንዘብን ጕልበትን ድኣ እምበር ይብሎም ንፓስቶርን ንማሕበሩን።

3.3. ትዕግስትኻ እፈልጦ ኣሎኹ።

ተስፋ ዘቍርጽ ኩነታት እናገጠመካስ ኣየቋረጽካን። ቀጺልካ ይብሎ ነቲ ቐሺ ምስ ማሕበሩ።

3.4. ነቶም እኩያት ሰባት ክትጸሮም ከም ዘይክእልካ እፈልጥ ኣሎኹ።

ኣብታ ማሕበር እኩያት ሰባት ነይሮም። እኩይ ለኪሙ ዘጋግየካ ሰብ እዩ። ብዛዕባ ከምዚኣቶም ዝበሉ እኩያት ክኢላታት ኣብ 2ይ ዮሃ 9-11 ድማ የጠንቅቕ። ነዚኦም ዓይነት ሰባት ሽለል ኢልካ ነቲ መጓሰ ይዝመትዎ ኣይሓደግካዮምን። ኣሳጢሕካዮም ድኣ። ነቲ ማሕበር ድማ ሓሊኻዮ።

3.5. ነቶም ሃዋርያት ኢና ዝብሉ እሞ ዘይኮኑ፡ ተዓዚብካዮምሲ ሓሰውቲ ምዃኖም ረኺብካዮም።

እዞም እኩያት ሰባት፡ ሃዋርያት ኢና እናበሉ እዮም ነቶም ኣመንቲ ከጋግይዎም ዝፈተኑ። ሃዋርያ፡ ብኣምላኽ ከም እተላኣከን ብስልጣኑ ከም ዝዛረብ ዝተእማመን ልኡኽ እዩ። ንኣብነት፡ ጳውሎስ ዳሕራይ ዝመጸ ሃዋርያ እዩ። ከምኡ ምዃኑ ድማ ኣመስኪርዎ። ተቐባልነት ድማ ረኺቡ። እዚኣቶም ድማ ከም ጳውሎስ ኢና በሃልቲ እዮም። ወይ ድማ ከም ማትያስ በቶም ሃዋርያት እተመርጸ ኢና በሃልቲ እዮም።

እቲ ጓሳ ማሕበር ነዚኣቶም ተዓሽዩ ኣይተቐበሎምን። ተዓዚብዎም። ሃዋርያት ከም ዘይኮኑ ድማ ኣብ ውሳኔ በጺሑ። የሱስ ክርስቶስ ድማ ነዚ ናይ ምርመራታት ተግባር ናይዚ ጓሳ ማሕበር ጽቡቕ ጌርካ ኢልዎ። ዝተላዕለ ኩነታት፡ ድግ ዝበለ ውሳኔ ዘድልዮ ዓቢ ነጥቢ ኣልዒሉ - ሃዋርያ ክርስቶስ ምዃን እንታይ ማለት እዩ ዚብል።

ጓሳ ማሕበር በዞም ሃዋርያት ኢና እናበሉ ማሕበሩ ዝወርሩ እኩያት ሰባትሲ እንታይ ስጕምትታት ወሲዱ?

3.6. ሓሰውቲ ምዃኖም ከም ዝረኸብካዮም እፈልጥ ኣሎኹ።

እዚ ከቢድ ክስን ፍርድን እዩ። ሓሰውቲ እዮም። ጓሳ ማሕበር ከምዚ ምግባሩ ድማ ብየሱስ ክርስቶስ ተናኢዱ። 2ይ ቈረ 11፡13።

3.7. ትዕግስቲ ከኣ ኣሎካ። ቀሊል ኣይነበረን፡ በብዓይነቱ ጸርፍታት፡ እኩይ ውዲታት ኣጋጢሙካስ ኢድካ ከይሃብካ፡ ከይተሓለልካ፡ ዓወት ከም እትጭብጥ ኣሚንካ ቀጺልካ።

3.8. ስለ ስመይ ኢልካውን ተጻዊርካ። ስለምንታይ እዩ እዚ ጓሳ ማሕበር ናይ ኤፌሶን እዚ ኩሉ መንፈሳዊ ገድሊ ተጋዲሉ? ምእንቲ ሓቂ ክርስቶስ፡ ምእንቲ ክብሪ ክርስቶስ፡ ምእንቲ ወንጌል ክርስቶስ፡ ማንቲ ማሕበር ክርስቶስ እዩ ኣትኪሉ ተቓሊሱን ተጻዊሩን። ጳውሎስ ብዛዕባ እቶም ከምዚ ገይሮም ንክርስቶስ ሓለፍ ዝብልሉ ኣገልገልቲ ተመሳሳሊ ዝብሎ ኣብ ሮሜ 8፡35-39 ንመልከቶ።

3.9. ኣይሰልከኻን። እቲ ጓሳ ማሕበር ኤፌሶን በቲ ብዝሒ ናይቲ ስራሑ፡ በቲ ክብደት ናይቲ ስራሑ፡ በቲ መጻወድያታት ናይ መበላሸውቲ ሓሰውቲ፡ በቲ ጽርዲ ናይ እኩያት ሰባት ክሕለል፡ ክደክም፡ ተስፋ ክቘርጽ ዝክኣል ነይሩ። ጓሳ ማሕበር ኢፌሶን ግና ከምኡ ኣይኮነን። ኣይሰልከየን (እብ 12፡3)።

ጓሳ ማሕበርን ምእመናን ናይ ኢፌሶን ብትሽዓተ ዓበይቲ ነጥብታት ብየሱስ ክርስቶስ ተናኢዶም።

## 4. ነቐፌታ ንማሕበር ኢፌሶንን ፓስቶሮምን (2፡4)።

ግናኸ ነቐፌታ ድማ ኣለዎ። ሽለል ዘይብሃል ሓደ ኣዝዩ ዓቢ ኣበር፡ ክልተ ዝጨናፍሩ፡ ኣብቲ ጓሳ ማሕበርን፡ ኣብቶም ምእመናን ናይ ማሕበር ኢፌሶን ርእዩ።

4.1. ብምሕዳጎም ነታ ቐዳመይቲ ፍቕሮም ተነቂፎም።

ፍቕሪ የብልኩምን ኣይኰነን ዝብሎም ዘሎ። እቲ ፍቕርኹም ካብቲ ክትጅምሩ ከለኹም ዝነበረኩም ቀኒሱ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ነቲ ዝነበረኩም ሓዲግኩምዎ ኣሎኹም እናበለ ይነቕፎም፡ ኣውራ ድማ ነቲ ጓሳ ማሕበር፡ ነቲ ካህን።

እቲ ክርስትያናት ምኽኖም ብተጽዕኖታት ባህሊ፡ ሻራ፡ ኒሕ ናይ ማሕበር ኰይኑ፡ ነቲ ንክርስቶስ ዝነበሮም ምዉቕ ፍቕሪ ተኪእዎ።

በዚ የሱስ ክርስቶስ ባህ ኣይበሎን። ፍቕሩ ዘጥፍአ ናይ መትከል ጉዳይ ጥራይ ኰይኑ ተሪፉ።

4.2. ብምውዳቕ ተነቒፎም።

ፍቕሩ ንክርስቶስ ዝነከየ፡ ዝዘሓለ፡ ዝሓደገ ኣማኒ፡ የሱስ ክርስቶስ ሸለል ዘይብሎ ሓጢኣት እዩ። ከም ብናይ ሓባር ጥቕሚ ብዘይ ፍቕሪ ዝኸይድ ሓዳር፡ ዓቢ ኣበር እዩ። ሳዕቤኑ ድማ ዑና ምኽኣን እዩ። ንከምዚ ዝበለ ክርስትያን የሱስ ክርስቶስ ይሓድጎ እዩ።

5. መኣረምታ፣ ዘክር፣ ተነሳሕ፣ ግበሮ።

ዝነቕፈና ንፍርዲ ኣይኰነን ናብ ንስሓ ክመርሓና ንመኣረምታ ድኣ እምበር። ንዘይንሳሕ ግና ፍርዲ ናይ ግድን እዩ። እዚ ክዕረ ብወገን ናይቲ ጓሳ ማሕበር ኰነ፡ ብወገን እቶም ማሕበር ዝስዕቡ ስጉምትታት ይሓትት።

5.1. ዘክር ኢሉ ይምዕዶም።

ሀ. ዝጠዓምዎ ተመክሮታት ናይ ጸጋ ኣምላኽ ዘክር ይብሎም።

ለ. ዝነበረካ ምግልጋል ንኻልኦትን በረኸቱን ዘክር ይብሎም።

ሐ. እተኻለፈ ጽቡቕ ምስክርካ፡ ኣርእያኻ ዘክር ይብሎም።

5.2. ተነሳሕ ድማ ይብሎም። ምዝካር ጥራይ ኣኻሊ ኣይኰነን። ዘሎኻዮ ውድቀት ኣለልዮ፡ ተኣመኖ። ክዕረ ድማ ግቡእ ስጉምትታት ውሰድ።

5.3. ቀዳማይ ግብሪ ግበሮ ድማ ይብሎም።

ሀ. ናይ ምዉቕ ምውፋይ ንየሱስ ክርስቶስ፣ ንቓል ኣምላኽ፣ ንቤት ኣምላኽ፣ ንሕብ ረት ኣሕዋት፣ ንምዝርጋሕ ወንጌል፣ ናይ ጸሎት ጊዜ፣ ናይ ምምሃር ትምህርቲ ሰንበት . . .

ለ. ናይ ኣጋፐ ተግባራት ግበሮ።

## 6. መጠንቀቕታ ንዘይንሳሕ (2፡5)

6.1 እንተ ዘይተነሳሕካ። እቲ ጓሳ ማሕበር፣ እቶም ምእመናን እቲ ምርጫ ናቶም እዩ። ብዘይምንሳሕ ክቕጽሉ፡ ከገልግሉ፡ ማሕበር ክኾኑ ክቕጽሉ ይኽእሉ እዮም። ግናኸ ብዘይ ክርስቶስ ኣብ ምእከሎም።

6.2. ክመጸካ እየ። እቲ ኩሉ ዝፈልጥን መፍቀርን ተበጃውን ከም ሴፍ ዝዓጠቐ ወትሃደር፡ ዳኛ፡ ፈራዲ ኰይኑ ክመጽእ እዩ ብርግጽ። ዘይተርፍ እዩ።

6.3. ቀዋሚ ቐንዴልካ ካብ ስፍራኡ ከዝብሎ እየ። ማሕበር ኢፌሶን፡ ጓሳ ማሕበር ኢፌሶን ከምቲ ቀዋሚ ቀንዴል ወርቂ፡ ብርሃን ክርስቶስ፣ ጸጋ ክርስቶስ፡ ሓቂ ክርስቶስ፡ ፍቕሪ ክርስቶስ ከርእዩ እዩ ነይሩ ምኽንያት ናይ ህልውናኦም። ዘይንስሑ ምስ ዝኾኑ ግና ከም ዝጠፍአ ቀዋሚ ቀንዴል፡ ኣብ ጸልማት ክወድቁ እዮም። እቲ ማሕበር ከም ዘየለ ክኸውን፡ ስም ክርስቶስ ዘየበስር ኰይኑ ክጠፍእ እዩ። ኣብ ታሪኽ ድማ ተፈጺሙ። እቲ ኣሰር ናይ ክርስትና ድማ ብዑናታት ጥራይ ዝዝከር ከተማ ኰይና ኣሎ።

6.4. ቀጽሎ ምንጻግ ዝጽላእ ግብሪ ኒቆላውያን።

ኒቆላውያን ተሰምዮም ዘለዉ ጉጅለ (1፡6ን 15ን) ግብሮምን ትምህርቶምን የሱስ ክርስቶስ ዝጸልኦ እዮም። መተምባህታ ድኣ እምበር፡ ዝርዝር ናይ ተግባራቶም ኰነ ወይስ ናይ ትምህርቶም ኣይተዋህበናን። ግናኸ ንክልቲኡ፡ የሱስ ክርስቶስ ዝጸልኦ ምኽኑ፡ ጓሳ ማሕበር ኣመንቲ ናይ ማሕበር ኢፌሶን ነዚ ግብርን ትምህርትን ናይ ኒቆላውያን ምጽልኦም ድማ ከም

ዝፈተውሎም ነስተብህል። ተግባራትናን እምነትናን ቅኑዕ ኰይኑ ዝርከብ ብቓላቱ ምስ እንምራሕ እዩ።

## 7. ብድሆን ተስፋን (2፥7)

7.1. ምስማዕ ንመንፈስ ንማሕበራት ዚብሎ፡ "እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።" ማቴ 11፥15 ማር 4፥23 7፥16።

ሽለል ኢልካ ዘይሕለፍ ዓቢ ቊምነገር፡ ናይ ሞትን ናይ ህይወትን ጒዳይ እዩ የስምዕ። ስለምንታይከ ክንቕልበሉ ይግብኣና? ብክልተ ምኽንያት፦ ሓደ በቲ ትሕዝቶ ናይ እቲ ዚብሃል ዘሎ። ኣውራ ድማ በቲ ዝብል ዘሎ መን ምዃኑ። ኣብዚ ድማ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ እዩ ብዮሃንስ ገይሩ ዚዛረብ ዘሎ። ኢሳ 1፥2 ዮሃ 3፥4።

7.2. ነቲ ዚስዕር ዝውሃቦ። "ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ኪበልዕ ክህቦ እየ።" ንመን? ነቲ ዚስዕር።

ሀ. መንፈሳዊ ህይወት ናይ ክርስትያን ተቓሊስካ ሰዓሪ ኴንካ እትርከበሉ እዩ።

ለ. ሰዓሪ ኣብ ልዕሊ፣ ሓጥያት፣ ፈተናታት፡ ዓለም፡ ድያብሎስ፡ መከራታት፡ … ወዘተ ክኸውን እዩ እቲ ጽውዓ።

ሐ. ዝውሃቦ። እቲ ዝዕወት ከም ዓስቡ ዝውሃቦ "ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ክበልዕ ኪውሃቦ እዩ።" እዚ ትእምርታዊ ኣዘራርባ እዩ። ገነት ኣምላኽ እንታይ እዩ? ኣበይከ ኣሎ? ኣብዚ ገነት እዚ ዘላ ኦም ህይወትከ እንታይ እያ? እቲ ዚብላዕከ እንታይ እዩ? ንመንከ እዩ ዚውሃብ? መንከ እዩ እቲ ዚህብ?

ገነት ኣምላኽ ዚብል ቃል ብመባእታዊ ትርጉሙ ባህ ዘብል በብዓይነቱ ኣታኽልቲ ዘለዎ ቦታ የመልክት (ዘፍ 2፥8ን 9ን15ን 3፥24)። ስለዚ ትእምርቲ ናይቲ ባህ ዘብል ቦታ፡ ናይ መንግስተ ሰማያት እዩ። ሉቃ 23፥43 ነህ 2፥8 2ይ ቈረ 12፥4 ዮሃ 14፥1-3።

ገነት፡ እቲ ኣምላኽ ዘለዎ ሰማይ እዩ። ስለዚ ነቲ ዚስዕር ናብ ባህ ዘብል መኻን፡ ኣምላኽ ባዕሉ ዘለዎ፡ ኣብ ቤቱ፡ ኣብ ቤት ሓጐስ ክቕበሎ እዩ።

ኦም ህይወት። እርጋን፡ ድኻም፡ ሞት ዘይብሉ ዅነታት ኣብቲ ገነት ዘሎ ትእምርቲ እዩ። በታ ምድራዊት ገነት ኤደን ድማ ተመሲሉ ኣሎ።

ኣብቲ ሓጐስ ናቱ (ገነት) ክሳተፍ፡ ባህ ክንብለሉ፡ ክንሕጐሰሉ ምዃንና ድማ በቲ ምብላዕ ካብቲ ፍረ ኦም ህይወት ተመሲሉልና ኣሎ።

ይቕጽል፣፣